Rheinland-Pfalz
MINISTERIUM FÜR BILDUNG

# ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ RHEINLAND-PFALZ ብቐሊል ተገሊጹ

ሓበሬታታት ንሓድሽ ዝኣተዉ ስድራታት - ብ22 ቋንቋታት ዝርከብ



Tigrinya

Potenzial & Perspektive
Ein Analyseverfahren für neu Zugewanderte

# ትምህርቲ ኣብ RHEINLAND-PFALZ

ኣብ ክፍለ-ሃገር Rheinland-Pfalz ኩሎም ቆልዑት ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኸዱ ኣለዎም (ግዴታ ትምህርቲ)። ኩሎም ክሳብ 31 ነሓሰ ኣብ መእተዊ ዓመት ሽዱሽተ ዓመት ዝበጽሑ ቆልዑት ግዴታ ትምህርቲ ኣለዎም።

ተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ ኣለው። ቅድም ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ ክፍሊ ኩሎም ቆልዑት ኣብ **መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ** እዮም ዝኸዱ። ሽዑ ካብ 5ይ ክሳብ ብውሕሱ 9ይ ክፍሊ **ቀጻሊ ዝኾነ ትምህርቲ (ካልኣይ ደረጃ)** ይበጽሑ። ብድሕሪኡ ኣብ **ናይ ሞያ ቤት-ትምህርቲ**፣ ኣብ **ናይ ላዕለዋይ ኪኢላ ቤት-ትምህርቲ** ወይ ኣብ **ናይ ጊምናዝዩም ለዓለዋይ ደረጃ** ክኸዱ ይኽእሉ።

ምስ ስድራኹም ካብ ወጻኢ መጺኹም እንተኾይንኩም ከምኡ'ውን ናብ Rheinland-Pfalz ትቕይሩ እንተኾይንኩም፣ እቶም ቤት-ትምህርትታት ኣየናይ ዓይነት ትምህርቲ ንቆልዓኹም ብቑዕ ከምዝኾነ ይመኽሩኹም። ነዚ ቆጸራ ኣገልግሎት ምኽሪ ሰርቲፊከታት ተማልኡ ብኽብረትኩም።

## ደገፍ ቋንቋ

ኣብ ትምህርቲ እቶም ቆልዑትን መንእሰያትን ከምኡ'ውን መምሃራን ጀርመንኛ እዮም ዝዛረቡ። እቶም ካልእ ኣደ ቋንቋ ዘለዎም ቆልዑት ቀልጢፎም ጀርመንኛ መታን ክመሃሩ ዝስዕብ ይርከብ፣

DaZ-ስልጠናታት ኣብ ቤት-ትምህርታት (DaZ = ጀርመን ከም ካልኣይ ቋንቋ)። እቶም ቅሩብ ወይ ዋላሓደ ጀርመንኛ ዘይዛረቡን ዘይርድኡን ሕጻናትን መንእሰያትን ኣብዚ ክሳብ 20 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ጀርመንኛ ይመሃሩ። ኣብ ዝተረፉ ሰዓታት ኣብ ክፍሎም ኣብ ትምህርቲ ይሳተፉ።

ብዙሓት ቤት-ትምህርትታት ነቲ 2P ዝብሃል ፕሮግራም ይጥቀምሉ። ሽዑ እቶም ብሓድሽ ዝሰፈሩ ተመሃሮ ድሮ እንታይ ከምዝኽእሉ ከረጋግጹ ይኽእሉ።

2P Potenzial & Perspektive
Ein Analyseverfahren für neu Zugewanderte

## መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ (Grundschule)

እቶም ተመሃሮ መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ መንበሪ ቦትኦም ዝምልከተሉ ቤት-ትምህርቲ ይኸዱ። ኣብቲ መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ እቶም ሕጻናት ኣብ መንጎ ካልእ ነገራት መሰረታዊ ፍልጠት ምንባብን ምጽሓፍን ምቅማርን ይመሃሩ።

ኣብ ራብዓይ ዓመተ ትምህርቲ እቶም ሕጻናት ንቀጻሊ ምብጻሕ ቤት-ትምህርቲ ምኽሪ ክወሃበሎም። እቲ ውሳነ ብዛዕባ'ቲ ቀጻሊ ተሳትፎ ትምህርቲ ግና ኣብ ወለዲ እዩ ዘሎ። እቶም ቤት-ትምህርትታት ነቶም ወለዲ ይመኽርዎም።

## ቀጸልቲ ቤት-ትምህርትታት



ኣብ Rheinland-Pfalz ሰለስተ ዓይነታት ቀጸልቲ ቤት-ትምህርትታት ኣለው፦ **ትምህርቲ ረኣል (Real-schule) ፕሉስ፣ ዝተወሃሃደ ሓፈሻዊ ቤት-ትምህርቲ (IGS) ከምኡ'ውን ጊምናዝዩም፡፡** ሓደ ቆያር ኣብ መንጎ ዓይነታት ትምህርቲ ይከኣል እዩ ከምኡ'ውን ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል፣ እቲ ትምህርቲ ነቲ ሕጻን እንድሕር ከቢዱ ወይ ኣዝዩ ቀሊል እንተኾይኑ፡፡

## ቤት-ትምህርቲ ረኣሊ ፕሉስ (Realschule plus)

ኣብ ቤት-ትምህርቲ ረኣል ፕሉስ እቶም ተመሃሮ ብኣጋኡ ኣየኖት ሞያታት የገድሰሎም ከምዝኾኑ ከረጋግጹ ይኽእሉ (ኣንፈት ሞያ/ስራሕ)፡፡ ድሕሪ 9ይ ክፍሊ መፈጸምታ ብቕዓት ሞያ (መፈጸምታ ትምህርቲ ቀንዲ/ሃውፕት) ይከኣል እዩ ከምኡ'ውን ድሕሪ'ቲ 10ይ ክፍሊ ብቕዓት ዘለዎ መፈጸምታ ካልኣይ ትምህርቲ (መኣከላይ ብቕዓት)፡፡ እቶም ተመሃሮ ብድሕሪኡ ሓደ ሞያ ክመሃሩ ይኽእሉ፡፡ ድሕሪ ዕዉት መፈጸምታ 10ይ ክፍሊ ምስ ፍልይ ዝበለ ገምጋም ነጥብታት እቶም ተመሃሮ ዋላ ውን ለዓለዋይ ትምህርቲ ኪኢላ (FOS)፣ ናይ ሞያ ቤት-ትምህርቲ (BBS)፣ ወይ ናይ ጊምናዝዩም ለዓለዋይ ደረጃ ክበጽሑ ይኽእሉ፡፡

## ሞያዊ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ (Fachoberschule (FOS))

ምጽንባር ትምህርትን ሞያዊ ተግባርን

ኣብ ገሊኦም ቤት-ትምህርታት ረኣል ብተወሳኺ ለዓለዋይ ናይ ኪኢላ ቤት-ትምህርቲ ኣሎ (FOS)፡፡ ኣብዚ ኣብ ክፍሊ 11ን 12ን ትምህርትን ሞያዊ ተግባርን ንሓድሕዶም ተኣሳሲሮም፡፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣንፈታት ኣለው፣ ንኣብነት ቍጠባ ከምኡ'ውን ምሕደራ፣ ሃንደሳ ወይ ጥዕናን ማሕበራውያን ጉዳያት፡፡

ብምፍጻም ለዓለዋይ ትምህርቲ ኪኢላ ኣብቲ ሞያዊ ኮለጅ (Fachhochschule) መጽናዕቲ ክግበር ይከኣል ወይ ሞያዊ ኣውስቢልዱንግ ክጅመር ይከኣል፡፡

## ዝተወሃሃደ ሓፈሻዊ ቤት-ትምህርቲ (Integrierte Gesamtschule (IGS))

ኣብ ሓደ ዝተወሃሃደ ሓፈሻዊ ቤት-ትምህርቲ (IGS) ኩሎም መፈጸምታታት ትምህርቲ ክብጻሑ ይከኣሉ፡፡ ድሕሪ 9ይ ክፍሊ እቲ ሞያዊ ብቕዓት፣ ድሕሪ 10ይ ክፍሊ ብቕዓት ዘለዎ መፈጸምታ ካልኣይ ደረጃ፣ ድሕሪ መበል 12 ክፍሊ እቲ ትምህርታዊ ክፍላ ናይ ብቕዓት ሞያዊ ኮለጅ ወይ ድሕሪ መበል 13 ክፍሊ እቲ ሓፈሻዊ ብቕዓት ዩኒቨርስቲ/ኮለጅ (ኣቢቱር/Abitur)፡፡ ውሳነ ብዛዕባ መፈጸምታ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ሓደ IGS ንነዊሕ ግዜ ክፉት ይጸንሕ፡፡



ኣብቲ IGS እቶም ተመሃሮ ኣብ ገሊኦም ሳብጀክታት ትምህርቲ ብሓባር ክመሃሩ እዮም፣ ኣብ ካልኦት ሳብጀክታት ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ መንፍዓት ደረጃታት ዘለውዎም ስልጠናታት።

## እቲ ጊምናዝዩም (Gymnasium)

እቶም ተመሃሮ ኣብ ጊምናዝዩም ካብ መጀመርታ ዕምቈ ዝበሉ ክእለታትን ብቑዓታትን ይመሩ፣ ድሓር ኣብ ዩኒቨርስቲ ክጽንዑ መታን ክኽእሉ ወይ ሞያዊ ኣውስቢልዱንግ ክጅምሩ ምእንቲ ክኽእሉ። ኣብ ክፍለ-ሃገር Rheinland-Pfalz መብዛሕትኦም ተመሃሮ ኣብ ጊምናዝዩም ን9 ዓመት (G9) ይኸዱ። ኣብ ዝተፈላለዩ ጊምናዝዩማት እቶም መርመራታት ኣቢቱር ድሮ ድሕሪ 8 ዓመት ክስለጡ ይከኣሉ (G8GTS)።

ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ኣብ ጊምናዝዩም እቶም ተመሃሮ ኣብ ማሕበር ክላስ/ክፍሊ ትምህርቲ ክወሃቡ። ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመት ፍልይ ዝበሉ ቀንዲ ኣንፈታት ክመርጹ ይኽእሉ ከምኡ'ውን ነቲ ስርዓት ስልጠና ናይ ለዓለዋይ ደረጃ ጊምናዝዩም ይበጽሑ፣ ሓፈሻዊ ብቑዓት ኮለጅ (ኣቢቱር) መታን ክበጽሑ።


## ናይ ሞያ ቤት-ትምህርቲ
## (Berufsbildende Schule (BBS))

ናይ ሞያ ቤት-ትምህርትታት (BBS) ንሞያዊ ኣውስቢልዱንግ ከምኡ'ውን ንምብጻሕ ትምህርታውያን መፈጸምታታት ብዙሕ ኣማራጺታት ይህቡ።

መንእሰያት ድሮ ትሸዓተ ዓመት ንቤት-ትምህርቲ እንድሕር ከይዶም ከምኡ'ውን ገና መፈጸምታ ክገብሩ እንተዘይከኣሉ፣ ኣብ መዳለዊ ዓመት ሞያ (BVJ) ናይ ሞያዊ ብቑዓት መፈጸምታኦም ክበጽሑ ይኽእሉ። ብምስታፍ ሞያዊ ፍሉይ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ'ውን ብድሕሪኡ ብቕባለ ኣብ ሞያዊ ፍሉይ ቤት-ትምህርቲ እቶም ተመሃሮ ብመፈጸምታ ሞያዊ ብቑዓት ጎሮም ኣብ ክልተ ዓመት ነቲ ዝተወሃሃደ ካልኣይ መፈጸምታ ክበጽሑ ይኽእሉ። እቶም ዘድልዩ ኩነታት እንድሕር ተረኺቦም፣ ብድሕሪኡ ኣብ ናይ ሞያ ለዓለዋይ ደረጃ ዋላ እቲ ብቑዓት ሞያዊ ኮለጅ ወይ እቲ ኣቢቱር ክግበር ይከኣል። እቶም ቤት-ትምህርትታት ኣየናይ መንገዲ ብቐዕ ከምዝኾነ ነቶም ተመሃሮ ይመኽርዎም።

ኣውስቢልዱንግ ክግበር እንከሎ ኣብ ሞያዊ ቤት-ትምህርቲ ክከየድ ኣለዎ።

## መፈጸምታ ብኣውስቢልዱንግ



ዝያዳ 300 ናይ ኣውስቢልዱንግ ሞያታት ኣለው። ክልተ ክሳብ ሰለስተንፈረቓን ዓመት ኣብቲ ትካል ከምኡ'ውን ኣብ ሞያዊ ቤት-ትምህርቲ ክጽናዕ እዩ።

እዚ **ድርብ ኣውስቢልዱንግ** ፍሉይ መለለይ ናይ ስርዓት ትምህርቲ ጀርመን እዩ። ብእኡ መንገዲ መፈጸምታ ሞያዊ ብቑዓት ውን ይከኣል እዩ ወይ ብፍልይ ዝበሉ ኩነታት ዋላ'ኳ ነቲ ዝተወሃሃደ ካልኣይ መፈጸምታ ክብጻሕ ይከኣል። ሞያዊ ኣውስቢልዱንግ ንክትጅምርሲ መፈጸምታ ሞያዊ ብቑዓት ናይ ግድን ክህሉ ኣየድልን።





## ፍሉይ ፐዳጎጊካዊ ደገፍ ዘድልዩም ተመሃሮ

ን ፍሉይ ፐዳጎጊካዊ ሓገዝ ዘድልዮም ተመሃሮ እቲ ፍሉይ ፐዳጎጊካዊ ኣድላይነት ደገፍ ክግምገምን ክረጋገጽን ይከኣል። እቶም ወለዲ ናይዚኦም ተመሃሮ ኣብ መንጎ ዝተወሃሃደ ቀረብ ዘለዎ ቤት-ትምህርቲ ወይ መሕገዚ ቤት-ትምህርቲ ክመርጹ ይኽእሉ። ኣብ መሕገዚ ቤት-ትምህርትታት ከምኡ'ውን ኣብ ዘጠቓልል ትምህርቲ ዘለዎም ቤት-ትምህርትታት ማዕረ መፈጸምታታት ከም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ረኣል ፕሉስ ወይ ፍሉይ ትምህርታውያን መፈጸምታታት (ፍሉይ ዓይነት ሞያዊ ብቑዓት፣ ትምህርቲ ኣብ ሓፈሻዊ ምዕባለ ዝብሃል ቀንዲ ሳብጀክት ደገፍ) ክበጻሑ ይከኣሉ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ኩሎም ዓይነታት ትምህርቲ ኣብዚ ትረኽቡ፤ **https://bildung-rp.de/schularten.html**

### እዚ በራሪ ጽሑፍ ብዳውንሎድ በዚኦም ቋንቋታት ይርከብ፤

- Deutsch
- العربية (Arabisch)
- Bosanski (Bosnisch)
- Български (Bulgarisch)
- 中文 (Chinesisch)
- فارسی دری (Dari)
- English (Englisch)
- Français (Französisch)
- Ελληνικά (Griechisch)
- Italiano (Italienisch)
- Hrvatski (Kroatisch)
- پښتو (Paschtu)
- Polski (Polnisch)
- Português (Portugiesisch)
- Русский (Russisch)
- Română (Rumänisch)
- Српски (Serbisch)
- Español (Spanisch)
- ትግርኛ (Tigrinya)
- čeština (Tschechisch)
- Türkçe (Türkisch)
- Magyar (Ungarisch)

ኣብ **https://migration.bildung-rp.de**


# ሕጋዊ ሓበሬታ

**ኣዳለውቲ፦**
Christiane Schönauer-Gragg

**ንድፊ፦**
RHEINDENKEN GmbH
www.rheindenken.de

**መረጋገጺ ምስሊ፤**
shutterstock.com/wavebreakmedia (ኣርእስቲ)፤
istockphoto.com/ferlistockphoto (ገ. 3)፤
istockphoto.com/DMEPhotography (ገ. 4)፤
istockphoto.com/monkeybusinessimages (ገ. 5)፤

**መርገጽ፦**
ሰነ 2021

GEFÖRDERT VOM

Rheinland-Pfalz
MINISTERIUM FÜR BILDUNG

Bundesministerium
für Bildung
und Forschung

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
(Ministerium für Bildung)
Mittlere Bleiche 61
55116 Mainz

poststelle@bm.rlp.de
www.bm.rlp.de